ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية -حيدرى

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI**

# <u>ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ መሰጋገሪ መሪሕነት ፈጻሚ ኣካል</u>

# <u>ቃልሰና ምስ ኩነታት ጸላኢና ተዓጻጻፍነት ከም ዝሓትት ርእዩ</u>

*መሰጋገሪ መሪሕነት ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ: ማዝያ 08 / 2017 ከምኡ'ውን ማዝያ 10 / 2017 ማበል ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣቃኒዑ፡፡*

*መሰጋገሪ መሪሕነት ፈጻሚ ኣካል ኣብ'ቲ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለታት ዝተሰላሰለ ወርሓዊ ኣኼብኡ፡ ንንጥፈታት ሕድ-ሕድ ጸብጻባት ቤት ጽሕፈታቱን ወርሓዊ ውጥን ስርሑን ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ ሰፊሕ ሃገራውን ከባቢያውን ውድባውን ዛዕባታት ኣተኲሩ ዕቱብ ናይ ሓበሬታን ዘተን መድረኽ ብምኽፋት፡ እዋናዊ ተርእዮ ብዝጠልቦም ተዓጻጻፍነት ዝሓቱ ኩነታት ኣብ ሃገርና ይኸሰቱ ብምህላዎም፡ እንገብሮ ዘለና ቃልሲ ዝያዳ ተወፋይነትን ጽንዓት ከም ዝሓትት ርእዩ፡፡*

*መ / መ / ፈጻሚ ኣካል ኣብ እዚ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዝካየድ ዘሎ መድረኽ ዝሓቶ ቃልሲ፡ ነቶም ኣብ መደቡ ኣእቲዩ ከቕጽሎም ዝጸንሐ እሞ ከተግብሮም ዘለዎ ንጥፈታት ብምንጻር፡ መላእ መሪሕነት ውድብን መሰረታትን፡ በቲ ድሮ ብመምርሒ መሰረት ኣብ ምትግባር ዝጸንሐ ናይ ቀረባ፡ ማእከላይን ነዊሕን ውድባዊ ውጥን ስራሕ ተኸቲልና፡ ኣብ ህዝባዊ ሃገራዊ ረብሓ ብኣበርክትኡ ልሉይ ግደ ዘለና ሓይሊ ክንከውን ኣብ ርእሲ ምዝኽኻር፡ ዘይንስገር ናይ ቃልሲ መሻርኽቲ ብምዃን ምስ ኩሉ ኣንጻር ህግደፍ ደው ዝበለ ሃገራዊ ሓይልን ጥርናፈን ቅርዑይ ዝምድና ብምግባርን፡ እዋንን ንድፌ ቃልስናን ዝጠልቦ ክሳብ ሓድነት ዝኸይድ ምቅርራባት ክንገብር ወጽዓና ዘበገሶ ቃልስና ከምዝግድደና ኣብሪሁ፡፡*

*መ / መ / ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ነቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2016 ክካየድ ዝነበሮ ውድባዊ ጉባኤ'ም ብሰሪ እቶም ኣብ ውሽጥና ዝነበሩ ኣብ ዓንኳር ገዛእ ርእሶም ብምምርኳስ ንጥሙሓቶም ከተግብሩ ክብሉ ዘሰናኸልዎ፡ መተካእትኡ ኣብ እዚ ቀረባ ኣዋርሕ ንዝትግበር ጉባኤ እተሰናድእ ኮሚቴ ተመሪጻስ ናብ ስራሕ ወፊራ ንዘላ፡ ዕዉት ዕማማት ንኽትዓምም መሰጋገሪ መሪሕነት ፈጻሚ ኣካል ካብኡ ዝጥለብ ዘበለ ምትሕብባር ክገብር ድሉው ምህላዉ ክገልጽ ከሎ፡ መላእ ኣባላት ውድብ ጉባኤና ንምስልሳል ካባና ዝጥለብ ዘበለ ምትሕብባራትን እንጥለቦ ዘበለ ናይ ቃልሲ ተወፋይነትን ክንገብረላ ኣዘኻኺሩ፡፡*

*ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!!*
*ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!!*
*10 / ማዝያ / 2017*
*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ-ሕድሪ*